Refugee
Sponsorship
Training
Program

# መሰል ናይ ብውልቂ ዝተመወሉ ስደተኛታት




እንቋዕ ናብ ካናዳ ደሓን መጻኹም ! እንተደኣ ብውልቀሰብ ዝተመወልካ ኣብ ካናዳ ትነብር ስደተኛ ኮንካ( እዚ ግን Quebec (ንኩበክ) ኣየጠቓልልን) ፣ እዚ ሰነድ ንዓኻ እዩ። ኣብ ኩበክ ትቐመጥ እንተሊኻ፣ ብኽብረትካ ንዝያዳ ሓበሬታ *Immigration, Diversité et Inclusion* ተወከሶም።

ብውልቂ ምምዋል ማለት ኣብ ካናዳ ዝነብሩ ጉጅለ ሰባት ናብዚ ንኽትመጽእ ኣመልኪቶምልካ ማለት እዩ። ከምኡ`ውን ክሳብ እቲ ናይ ምወላ ጊዜኻ ዘብቅዕ ሓገዝ ክህብኻን ገንዘብ ክህቡኻን ተወፍዮም ማለት እዩ።

እዚ ሰነድ **መሰልካ፣** ከምኡውን **ካብ መወልትኻ እንታይ ከም ትጽበ** ዝገልጽ ትሕዝቶ ኣለዎ። ብተወሳኺ **ብዛዕባ ምወላ ስክፍታታት እንተለካ፣ ወይ እቲ ዝግበኣካ ሓገዝ ኣይትረኽብን ከም ዘለኻ እንተ ኣሚንካ እንታይ ከም ትገብር** ዝገልጽ ትሕዝቶ እዩ።

## ውልቃውያን መወልቲ መን እዮም?

ውልቃውያን መወልቲ ማለት ንስኻ ንካናዳ ንኽትመጽእ ዝክምውሉኻ ወለንተኛታት ዝኾኑ ማለት እዩ። ንዓኻ ገንዘባውን መጣየስን ሓገዝ ንክህቡ ዝተወፈዩ እዮም። ንመወልትኻ ትፈልጦም ክትከውን ትኽእል፣ ኣባላት ስድራቤትካ ወይ ኣዕሩኽካ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ፣ ወይ መወልትኻ ጓኖት ኮይኖም ክሕግዙኻ ዝድለዩን ኣብ ዝሰዕብ ኣዋርሕ ትረኽቦምን ክኾኑ ይኽእሉ።

## ናይ ምወላ ጊዜኻ ክንደይ ዝኣክል እዩ?

መብዛሕትኡ ጊዜ፣ እቲ ናይ ምወላ ጊዜ ሓደ ዓመት እዩ። ኣብ ኣዝዩ ሳሕቲ ጊዜ፣ እቲ ናይ ምወላ ጊዜ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል እዩ ክፍሊ ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (*Immigration, Refugees and Citizenship Canada -IRCC*) ቅድሚ ንስኻ ናብዚ ምምጻእካ መወልቲ ልዕሊ ሓደ ዓመት ሓገዝ ክህቡ እንተጠሊቡ። ናይ ምወላ ጊዜኻ ልዕሊ ሓደ ዓመት እንተ ኮይኑ፣ ድሮ ብ IRCC ተሓቢሩካ ምሃለወ።

## ካብ መወልትኻ እንታይ ክትቅበል ኣሎካ?

1) **<u>*ገንዘባዊ ሓገዝ*</u>   ክሳብ ነብስኻ እትኽእል ወይ ክሳብ ሓደ ዓመት፣ ካብ ክልቲኦም እቲ ዝቐልጠፈ ክሳብ ዝኸውን።**

   *እቲ መዋሊኻ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ኣብ ካናዳ ዝጸናሕካሉ እዋን ወይ ክሳብ ነብስኻ ክትሕግዝ እትኽእል፣ ሓዲኡ ክሳብ ዘጋጥም፣ ገንዘባዊ ሓገዝ ክገብረልካ ሓላፍነት ኣለዎ። ሓገዝ ድማ ቀጥታዊ ገንዘባዊ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል፣ ግናኸ መዋሊ ነገራት፣ ከም በዓል ንብረት ገዛ፣ ኣቑሑት ገዛ፣ ከምኡ`ውን ክዳውንቲን ክህበካ ይኽእል።*



© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services

ነዞም ዝሰዕቡ ነገራት ከማልኣልካ ዝኽእል ገንዘብ ክትቕበል ኣለካ **ወይ** እዞም ነገራት ክወሃቡኻ ኣለዎም፥

a) *መንበሪ* (ክፍሊ፣ ኣፓርትመንት ወይ ትነበረሉ ገዛ)
b) *መግቢ*
c) *ክዳን*
d) *ናይ ከባቢ መጓዓዝያ* (ንኣብነት፣ ህዝባዊ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር)

እንተደኣ ኣብ ትሕቲ መደብ ብለንድድ ቪዛ ዝተወከሱ ስደተኛታት (*Blended Visa Office-Referred –BVOR-* ) ዝተመወልካ ኮይንካ፣ መንግስቲ ካናን ወርሓዊ ንመሰረታዊ ወጻኢታትካ ዝሰፍን ቸክ ንሸዱሽተ ወርሒ ይልእከልካ፣ ኣብ ካናዳ ካብ ዝኣተኻሉ ጊዜ ኣብ ካልኣይ ወርሒ ዝጅምር። እቲ ዝምውለካ ጉጅለ ነዞም ዝሰዕቡ ሓላፍነታት ይስከም፥

- ገንዘብ ወይ ንብረት ብማብ ገዛኻ ከተዳሉ ክህቡኻ፣ ንኣብነት፣ ከም ኣቑሑ፣ ናይ ክሽነ ቀረባት፣ መጽረዩ ፍርያት፣ ዓራት፣ ቁሩብ መግቢ፣ ክራይን ናይ ክራይ ትሕጃን፣ ቁሩብ ክዳውንቲ፣ ወዘተ። ገለ ካብ እዞም ነገራት ዝተወፈዩ ክኾኑ ይኽእሉ።
- ገንዘብ ወይ ንብረት ኑቶም መሰረታውያን ጠለባትካ ዝሸፍኑ ክህቡኻ( ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ) **ኣብ ቀዳማይ ወርሒ** ካናዳ ካብ እትኣቱ።
- ገንዘብ ወይ ንብረት ኑቶም መሰረታውያን ጠለባትካ ዝሸፍኑ ክህቡኻ( ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ) **ኣብ እተን ናይ መጠረሽታ ሓሙሽተ ኣዋርሕ** ናይ ምወላ ጊዜኻ፣ ወይ ክሳብ ነብስኻ ትኽእል፣ ካብ ክልቲኦም ቀዲሙ ዘጋጠመ።

እንተደኣ ኣብቲ ቀዳማይ ዓመትካ ኣብ ካናዳ ስራሕ ረኺብካ፣ እቶም ዝምውሉኻ ነቲ ዝህቡኻ ገንዘብ ክቕንስዎ ተኽእሎ ኣሎ። እንተደኣ ነብስኻን ስድራኻን *ብሙሉእ* ክትሕግዝ ትኽእል ኮንካ፣ እቶም ዝምውሉኻ ጉጅለ ነቲ ዝህቡኻ ገንዘባዊ ሓገዝ ክቕጽልዎ ዝግድዶም የለን፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ክህቡኻ ክቕጽሉ ወይ ከቋርጹ ንዕኦም ዝምልከት ውሳኔ ይኸውን። እንተኾነ ግን፣ ኣብቲ ናይ ምወላ ጊዜ እንከለኻ ካብ ስራሕ እንተ ወጺኻ፣ እቶም መወልትኻ ገንዘባዊ ሓገዝ ክህቡኻ እንደገና ክጅምርዎ ኣለዎም። ብመሰረቱ፣ **እቶም ዝምውሉኻ ጉጅለ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መሰረታውያን ነገራት ንኽትገዝእ ከም እትኽእል ክረጋግጹ ኣለዎም።** ስራሕ እንተ ጀሚርካ እቶም መወልትኻ ክንደይ ዝኣክል ሓገዝ ክገብሩልካ ከም ዝምድቡ ምስኦም ክትዘራረብ ጽቡቕ እዩ።

ውልቃውያን መወልቲ እንተደኣ ንዓኽእን ንስድራኻን ክትሕግዝሉ እትኽእል ገንዘብ ኣለካ ኮይኑ ገንዘባዊ ሓገዝ ክህቡኻ ኣይግደዱን እዮም። ናብ ካናዳ ገንዘብ ሒዝካ እንተመጺኻ፣ እቶም መወልትኻ ኣብ ካናዳ ኣብ ትነብረሉ ጊዜ ንወጻኢታትካ ንምሽፋን ከተዋጽእ ክሓቱኽእ ይኽእሉ። መወልትኻ ነቲ መሰረታዊ ወጻኢታትካ ንምሽፋን ዓቕሚ ከም ዘለካ ክረጋግጹ እቶም ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎም እዮም ።

እቲ ብሉጽነት ናይቲ ገዛኻን ትቕበሎ ኣቑሑትን እቶም ጉጅለ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከም ዘጠራቕሙልካ እዩ ዝውስኖ። ዋላ እኳ እቲ ዝህቡኻ ንብረትን ዘዳለዉልካ ገዛን ምቾት ዘለዎ እንተዘይኮነ፣ ግን እኹል ክኸውን ኣለዎ። እቲ ገዛ ንምሉኣት ስድራኻ ከእቱ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ፣ ከምኡውን ንነብስኻን ንስድራኻን እኩል መግቢ ብምግዛእ ጽቡቕ ክትብልዑን ጥዕናኹም ክትሕልዉን ከኽእለኩም ኣለዎ።
ካልኦት ስደተኛታት ካባኻ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ገንዘብን ንብረትን ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ምናልባሽ እቶም ጉጅለ መወልቲ ብዙሕ ገንዘብ ክእክቡልካ ስለ ዝኸኣሉ ክኸውን ይኽእል፣ ገሊኦም ግን እቲኦም ዝተሓተ ዘድሊ ገንዘብ ጥራይ ኣኪቦም ክኾኑ ይኽእሉ። ብተወሳኺ እቶም መወልቲ ንሓደሽቲ መጻእቲ

© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services

*ነጻ ክራይ ገዛ ምሃብን ናይ ገዛ ኣቑሑት ወፍዮምን ክኾኑ ይኽእሉ በዚ ድማ ወርሓዊ ውሑድ ዝበለ ገንዘብ ክህቡ ይኽእሉ፣ ብኣንጻሩ ካልኣኦት መወልቲ ብዙሕ ገንዘብ ግን ውሑድ ኣቑሑት ክውፍዩ ይኽእሉ። ኩሎም ጉጅለታት በበይኖም እዮም።* ***ብውሑዱ፣ መወልቲ ምስቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ መጠን ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ዝዳረግ ሓገዝ ክህቡን ነቲ መሰረታዊ ጠለባትካ ዝሽፍን እኹል ሓገዝ ክህቡን ይግባእ።*** *ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝመጹ ስደተኛናታት ( ንኣብነት ከም መንግስቲ ዝሓገዞም ስደተኛታት) ዝተፈልየ ሓለፋታት ከም ዘለዎም ክተስተውዕል ኣገዳሲ እዩ።*

## 2) <u>*ናይ ሰፈራ ሓገዝ*</u> ***ክሳብ እቲ ናይ ምወላ ጊዜ ዝውዳእ።***

*እቶም መወልትኻ ኣብ ካናዳ ንኽትነብር ክዳልዉኻን ክደራጅዉኻን ክሕግዙኻ ኣለዎም። እዚ ብዙሕ ዕማማት የጠቓልል፣ ነዚኦም ዘጠቓልል( ግን ኣብኦም ዘይሕጸር)፥*

- ***መንበሪ***
  - *መንበሪ ነዓኻ ክረኽቡካ፣ ወይ ንኽትረክብ ክሕግዙኻ።*
- ***መላለዩ***
  - *ሞጎዓዝያ ከመይ ከም ትጥቀም ክሕብሩኻ፣ ንኣብነት ኣውቶቡስን ባቡርን*
  - *ምስ ከባቢኻ ክላልዩኻ፣ ከምኡ`ውን ዘረብ ዱኳን ኣበይ ምኻኑ ክሕብሩኻ*
  - *ናይ ካናዳ ሕግታት ክገልጹልካ።*

- ***ክንክን ጥዕና***
  - *ኣብቲ ናይ ኣውራጃን ናይ ጊዜያዊ ፈደራል ክንክን ጥዕናን ንኽትምዝገብ ክሕግዙኻ*
  - *ሓኪም፣ ሓኪም ስኒ፣ ከምኡ`ውን ካልእ ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ክረኽቡልካ*
  - *ኣገልግሎታት ጥዕና ክገልጹልካ።*
- ***ትምህርቲ***
  - *ኣብ ትምህርቲ  ቋንቋ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳይክትምዝገብ ክሕግዙኻ*
  - *ንደቅኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክተመዝግብ ክሕግዙኻ።*
- ***ኣገደስቲ ሰነዳትን ኣገልግሎታትን***
  - *ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍት፣ ሶሻል ኢንሹራንስ ቁጽሪ ንምውጻእ ክተመልክት፣ ቆልዑ እንተ ኣለዉኻ ድማ፣ ናይ ቆልዑ ረብሓታት ግብሪ ንክተመልክት ክሕግዙኻ።*

- ***ምትርጓም***
  - *ኣብ ዘድሊ ጊዜ ተርጓሚ ክቕርቡልካ።*
- ***ስራሕ***
  - *ምስ ኣገልግሎት ደለይቲ ስራሕ ከራኽቡኻ*

- ***ሓገዛትን ኣገልግሎታትን***
  - ***ምስ ትኽክለኛ ሓገዛትን ኣገልግሎታትን ክተሓሕዙኻ፣ ንኣብነት ከም ሰትልመንት ዎርከር*** (Settlement Worker).*(ኣብ ከባቢኻ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክትረክብ፣ ነዚ ዝስዕብ ጸቕጥ http://www.cic.gc.ca/english/newcomers/map/services.asp)*

*መወልቲ ብተወሳኺ   ኣብ ካናዳ ሂወትካ ክሳብ ዝረጋጋእ **ስሚዒታውን ሞራላውን***  *ሓገዝ ክገብሩልካ ይግባእ።*



© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services

## ከም ነባሪ ሓላፍነትካ እንታይ እዩ?

ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ፣ ብቕልጡፍ ነብስኻ ንኽትክእል ኩሉ ጻዕሪ ክትገብር ትጽቢት ይግበረልካ። እዚ ድማ ናይ ቋንቋ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳይ ክፍሊ ምክፋል፣ ኣብ ካናዳ ንኽትደራጆ ዝሕግዘካ ምስ ሰትልመንት ወርከር ምርኻብ፣ ከምኡውን ዓቕሚ እንተለካ ስራሕ ምድላይ ክትጅምር ከጠቓልል ይኽእል።
ዋላውን ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት ኣብ ካናዳ ትቑመጦ ንነብስኻን ንስራሕካን ንምሕጋዝ ክትሰርሕ ዘይትግደድ እንተኾንካ፣ እቲ ናይ ምወላ ጊዚዜምስ ኣብቀዐ ንነብስኻን ንስድራኻን ብኸመይ ከተናብር ከም እትህቅን መደብ ከተውጽእ ትምክር።

## ናብ ካልእ ከተማ ናይ ካናዳ ንኽትሰግር እንተደሊኻ እንታይ የጋጥም?

ናብ ዝደለኻዮ ክፋል ናይ ካናዳ ክትሰግር ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን፣ **ብፍቓድካ** ናብ ካልእ ክፋል ናይ ካናዳ ክትግዕዝ እንተመሪጽካ፣ መወልትኻ ገንዘባውን ናይ ሰፈራ ሓገዛትን ከይቅጽልዎ ይኽእሉ። ንሓደሽቲ መጻእቲ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ዝቕበሉ፣ ነቲ ዝተረፈ ክፋል ናይ ምወላኻ ካብ IRCC ገንዘባዊ ሓገዝ ከይትቕበል ትኽእል።

ውልቃውያን መወልቲ ንኽሕግዙኻ ዝውፈዩሉ ምኽንያት ኣብቲ ከባቢኦም ክትነብር ብዝብል እምነት እዩ። ዋላውን ናብ ዝኾነ ክፋል ናይ ካናዳ ክትከይድ ነጻ እንተኮንካ፣ ውልቃውያን መወልቲ ግን ኣብቲ ከባቢኦም ኣብ እትነብረሉ ጊዜ ጥራይ እዮም ንሓደ ዓመት ክምውሉኻ ዝግደዱ። እንተ ግዒዝካ፣ መወልትኻ ኣብቲ ትግዕዞ ቦታ መወልቲ ክረኽቡልካ ክጽዕሩ ኣለዎም። እንተኾነ ግን፣ እንተ ዘይረኺቦም፣ ናይ ምወላ ሓገዝ ከይቅጸለልካ ይኽእል።

## መወልቲ ክገብርዎ ዘይፍቀደሎም እንታይ እዩ?

መወልትኻ ሓገዝ ንክህቡኻ እዮም ኣብዚ ዘለዉ። ነዚ ዝስዕብ ክገብሩ ኣይፍቀደሎምን፥

- **ቅድሚ ምእታውካ** ዝኾነ ገንዘብ ንምወላኻ **ክወስዱ** ኣይግባእን፣ ዝኾነ ክፍሊት ዘጠቓልል፣ ወይ ኣብ ካናዳ ንመናበሪኻ ዝኸውንገንዘብ (ዋላውን ክንመልሰልካ ኢና እንተ በሉኻ)
- ምስ ኣተኻ ናይ ምወላ ገንዘብ ንኽትመልሰሎም ክወስዱልካ ( ሒዝካዮ ንዝመጻእካ ገንዘብ ንመናበሪ ወጻኢታት ንኽጥቀሙሉ ክሓቱኻ ይኽእሉ ብዝብል እምነት)
- ንኽትሰርሕ ክግድዱኻ
- ብነጻ ንዕኦም ክትሰርሓሎም ክሓቱኻ
- ንዓኻ ዘይምችኣካ ነገራት ክትገብር ክግድዱኻ ።

መወልትኻ ንክሕግዙኻን ንሂወትካ ኣብ ካናዳ ከደራጅዉን ብወለንታ ዝተወፈዩ እዮም፣ በዚ ድማ ካባኻ ዝኾነ ነገር ኣምሳያኡ ክጽበዩ ወይ ክሓቱኻ ኣይግባእን።



© UNHCR





© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services

## ካብ መዋሊኻ እኹል ሓገዝ ዘይትቕበል እንተሊኻ እንታይ ክትገብር ይግብኣካ?

እንተደኣ እቶም ውልቃውያን መወልትኻ ነቲ ክትቅበሎ ዝግበኣካ ሓገዝ ኣይህቡንን ኣለዉ ኢልካ ኣሚንካ፣ እንተደኣ ዝሰማምዑ ኮይኖም ነቶም መወልትኻ ብዛዕባኡ ኣዘራርቦም። እንተ ደኣ ብመገዲ ትካል መዊሎምኻ (ንኣብነት፣ ተሓዚ ስምምዕ ምወላ- )፣ ስክፍታኻ ምስቲ ትካል ተዘራረብ። እንተደኣ ጊዘና ሓገዝ ክትቅበል ዘይክኢልካ፣ ምስ ክፍሊ ***ኢሚግሬሽን፣ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ(IRCC) ተዘራረብ።*** ምስ IRCC ብምዝርራብካ ዝመጸካ ሳዕቤን የለን፣ ከምኡውን ናይ ቀዋሚ ነባርነትካ ኩነታት ኣይትንከፍን እዩ። IRCC ነቲ ሽግር መፍትሒ ክረኽበሉ ክፍትን እዩ።

ምስ IRCC በዚ ዝስዕብ ክትራኽብ ትኽእል፥

- ኢመይል ናብ IRCC.INPSR-PPPRRI.IRCC@cic.gc.ca ምስቲ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ናይ IRCC ክትራኸብ መታን፡ ወይ
- ናይ IRCC ሓፈሻዊ ናይ ጻውዒት መስመር በዚ ቁጽሪ ደውል 1-888-242-2100።

ኣብ ጊዜኡ፣ ምስ ናይቲ ከባቢ ናይ IRCC ቤት ጽሕፈት ክትራኽብ ኢኻ (እዚ ድማ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ IRCC ቤት ዝሕፈት እዩ )።

እቲ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት IRCC ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሕቶ ክሓተካ እዩ፣ ከምኡውን ምስቶም ጉጅለ መወልትኽእ ክዘራረብ ይኽእል። ሓበሬታ ክእክቡ ክፍትኑ እዮም፣ ክንደይ ዝኣክል ሓገዝ ትቕበል ከም ዘለኻ፣ ከምኡውን ዝያዳ ዘይትቕበለሉ ዘለኽእ ምኽንያት ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት። ነዚ መጽናዕቲ እናካየዱ እንከለዉ፣ እቲ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት IRCC ብህጹጹ ገንዘባዊ ሓገዝ የድልየካ ኢሎም ወሲኖም፣ ናይ ህጹጹ እዋን ገንዘባዊ ሓገዝ ክህቡኻ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ናይ ከባቢ ቤትጽሕፈት IRCC ድማ ገንዘባውን ናይ ሰፈራን ሓገዝ መን ክገብረልካ ከም ዘለዎ ናይ መጠረሽታ ውሳኔኡ ክህብ እዩ። እንተደኣ እኹል ሓገዝ ከምዘይትረክብ ዘለኻ ኣረጋጊጾም፣ ከምኡውን እቶም ዝምውሉኻ ጉጅለ ክሕግዙኻ ዘይክእሉ ወይ ዘይደልዩ እንተኾይኖም፣ ናይ ``ምብታኽ ምወላ`` ውሳኔ ክገብሩ ይኽእሉ። እዚ ማለት እቶም ናይ መወልትኻ ጉጅለ ንመንበሪኻን ገንዘባውን ሓገዝ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተረፈ ናይ ምወላ ጊዜ ክህቡኻ ሓላፍነት ኣይህልዎምን ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ እዋን፣ ካብዞም ዝስዕቡ ከጋጥም ይኽእል፥

- ካልእ መዋሊ ጉጅለ ክወሃበካ፡ ወይ
- ናይ መንግስቲ ሓገዝ ትወሃብ፣ ወይ
- ናይ ኣውራጃ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ ክወሃበካ ከተምክት ትሕበር።

ኣብቲ ኩነታት ናይቲ ጉዳይ ብምምርኳስ፣ ነቲ መዋሊ ጉጅለ ሳዕቤን ከውርደሉ ይኽእል። ንኣብነት፣ ነቲ ንስኽእ ትቕበሎ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ወይ ናይ ኣውራጃ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ ዝቕበሎ ክኸፍሎ ክግበር ይከኣል።

እዚ ውሳኔ ግን ብ IRCC ከከም ጉዳዩ ተራእዩ ውሳኔ ዝወሃቦ ምኳኑ ከተስተውዕል ኣለካ።

## እንተ ተዋሪድካ፣ ተበዝቢዝካ ወይ ተዓሚጽካ እንታይ ክትገብር ይግባኣካ?

እንተደኣ ብመወልትኻ ትዋረድ ወይ ትብዝበዝ ከም ዘለኻ ኣሚንካ፣ ብኽብረትካ ን IRCC ብቕልጡፍ በዚ ዝስዕብ ኢመይል ሓብሮም IRCC.INPSR-PPPRRI.IRCC@cic.gc.ca. ናይ ምውራድ ወይ ምብዝባዝ ኣብነታት ብዙሓት ኣለዉ፣ ነዞም ዝስዕቡ ሓዊስካ፥



- ምፍርራህ፡
- ንመወልትኻ ገንዘብ ክትህብ ምስትግዳድ፡
- ካብ ገዛ ምውጻእ ምስ እትኽልከል፡
- ንኽትሰርሕ ምስ እትግደድ፡
- ንኽትገብሮ ምቹእ ዘይኮነ ነገር ንኽትገብር ምስ እትግደድ።

© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services

ንዝኾነ ከቢድ ወይ ህጹጽ ጉዳይ፣ ንፖሊስ ሓብር። ህጹጽ እንተኮይኑ፣ ናብ 911 ብምድዋል ህጹጽ ሓገዝ ትሓትት። ህጹጽ ጉዳያት ነዚኦም የጠቓልል(ግን ኣብዚኦም ኣይሕጸርን)፥

- ሓደ ሰብ ንዓኻ ወይ ንስድራኻ ይጓነጽ እንተሎ፡
- ሓደ ሰብ ምሳኻ ወይ ምስ ስድራኻ ከይጓነጽ እንተሰጊእካ ፥
- ዝኾነ ዓመጽ እንተጋጢሙካ፣ ኣካላውን ስጋውን ዘጠቓልል።

## ስክፍታታካ ን IRCC እንተካፊልካዮም ንዓኻ እንታይ የጋጥመካ?

ካብ መወልትኻ እኩል ገንዘባውን መናበርን ሓገዝ ብዘይምቕባልካ፣ወይ ብዛዕባ እቲ ምወላ ስክፍታታት እንተለካ፣ ትዋረድን ትብዝበዝን ከም ዘለኻእ እንተኣሚንካ ብምጥቕላል፣ ን IRCC እንተሕእቢርካዮም ዝመጸካ **ሳዕቤን የለን።**

ስክፍታታትካ ን IRCC ምሕባር፣ ኣብ ካናዳ ናይ ቀዋሚ ነባርነትካ ኩነታት ዝወርዶ **ሓደጋ የለን።** ኩነታትካ ከም ቀደሙ ይቕጽል፣ ከምኡውን IRCC ነቲ ዘጋጥመካ ዘሎ ሽግር ክፈትሖ ክፍትን እዩ።

## መሰላትካ እንታይ እዮም?

ምስቲ ጉጅለ መዋሊኻ ዘለካ ስክፍታታት ንኽትገልጽ መሰል ኣለካ። ንኣብነት፣ እቶም መወልትኻ ሓበሬታ ወይ ስእሊ ናትካ ብዘይ ናትካ ፍቓድ ኣብ ሕትመት እንተ ኣቕሪቦሞ።፣ ወይ ኣብ ክንዳኻእ ውሳኔ እንተወሲዶም፣ ኣብ ልዕሊ መወልትኻእ ንዘለካ ስክፍታታት ክትልዕል ትኽእል።

ብየወሳኺ፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ገንዘባውን መንባርን ሓገዛት ካብ መወልትኻ ክትቅበል መሰል ኣለካ።

ንዘለካ ስክፍታታት ን IRCC ክትሕብር፣ ወይ ንፖሊስ ክትሕብር መሰልካ እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ትረክብ?

ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ብኽብረትካ ን መደብ ስልጠና ምወላ ስደተኛ ኣዘራርብ (RSTP):

**ተሌፎን**: 1-877-290-1701

**ኢመይል**: info@rstp.ca

© 2016 Refugee Sponsorship Training Program, Catholic Crosscultural Services